Wetenschappelijk Onderzoek- en Datacentrum

Cahier 2024-3

# ሓደ ብቑዕ ቦታ ንመንበሪ ፍቓድ ዘለዎም?

*ተመኩሮታት ምስ ሃዋህው መነባብሮን ፖሊሲ መንበሪ ኣባይቲ ሕጋዊ ዝለበሱ ንሶርያውያንን ኤርትራውያንን*

ጽማቝ

Kennisinstituut voor de rechtsstaat

Cahier 2024-3

# ሓደ ብቑዕ ቦታ ንመንበሪ ፍቓድ ዘለዎም?

*ተመኩሮታት ምስ ሃዋህው መነባብሮን ፖሊሲ መንበሪ ኣባይቲ ሕጋዊ ዝለበሱ ንሶርያውያንን ኤርትራውያንን*

ጵማቝ


M. van der Meer
K. Otten
S.M. Noyon
I.P. Hendriks (Radboud Universiteit Nijmegen)
J.M.D. Schans

**Cahier**
De reeks Cahier omvat de rapporten van onderzoek dat door en in opdracht van het Wetenschappelijk Onderzoek- en Datacentrum is verricht. Opname in de reeks betekent niet dat de inhoud van de rapporten het standpunt van de Minister van Justitie en Veiligheid weergeeft.

Alle rapporten van het WODC zijn gratis te downloaden van WODC Repository.

## ጽማቝ

### ሓደ ብቑዕ ቦታ ንመንበሪ ፍቓድ ዘለዎም?

### ተመኩሮታት ምስ ሃዋህው መነባብሮን ፖሊሲ መንበሪ ኣባይቲ ሕጋዊ ዝለበሱ ንሶርያውያንን ኤርትራውያንን

እዚ ጸብጻብ'ዚ ዝገልጽ ንውጽኢት መጽናዕቲ ተመኩሮታት መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ምስ ፖሊሲ ኣባይቲ ነዘርላንድ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቀዳማይ መነባብሮ ሃዋህው ብናቶም ኣረኣእያ ኣብ ነዘርላንድ ሓድሽ ህይወት ንምህናጽ ኣበርክቶ ዝገብሩ ረቛሒታት ዝገልጽ እዩ። ናይቶም ኣብ መንጎ 2014-2017 ናብ ሆላንድ ዝመጹ ሶርያውያንን ኤርትራውያንን መበቆል ዘለዎም መልሲ ዝሃቡ ሰባት፡ ተመኩሮ ዝተፈላለዩ መበቆል ጉጅለታት ከነነጻጽር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኣገዳስነት ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ምስ ግዜ ዝመጽእ ለውጢ ኣብ ግምት ከነእቱ ንኽእል ኢና። ዉጺት ከም ዝሕብሮ እቲ ፖሊሲ ኣብ ዕድላት ስራሕ፣ ምስ ሓደ ምምሕዳር ምቁራን የድህብ፣ ንመንበሪ ፋቓድ ዘለዎም እንተላይ ካልኦት ረቓሒታት ኣገዳሲ ዝኾኑ፣ ከም ምህላዉ ስድራ፣ ትምህርቲ (ቛንቋ)፣ ህዝባዊ መጉዓዝን ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት። ውልቃዊ ባህርያት ሰባትን ምስ ግዜ ኣብ ውልቃዊ ኩነታት ዝመጽእ ለውጢን፡ ኣብ ኣገዳስነት ናይዞም ረቛሒታት ዝያዳ ፍልልይ የስዕብ። ተመኩሮ መስርሕ ምትእስሳር ምስ ሓደ ሰብን ምቕያር ናይ ሓደ ነገር ኣብ ታሕቲ ተዓቂቡ ዘሎ። መብዛሕትኡ ግዜ እታ መልሲ ዝሃበት ኣብ ሆላንድ ንዝነበረ ሱፍ ክዳውንታ ናይ ምሕብሓብ ሓላፍነት ክትወስድ ትሰማማዕ ነይራ። ብዙሓት መልሲ ዝሃቡ ሰባት ብናቶም ኣረኣእያ ኣብ ምርጫታት መንበሪ ኣባይቶምን/ወይ ውልቃዊ ኩነታቶምን ውሑድ ወይ ድማ ዋላ ሓንቲ ግምት ከምዘይተገብረሎም ይሕብሩ።
። ብዛዕባ መስርሕ ምጽንባር (ቅኑዕ) ሓበሬታ ምሃብ ምናልባት ኣብቲ ሓድሽ ትዕዝብቲ ውጽኢት ተራ ኣለዎ። ደረጃ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዕዳጋ ኣባይቲ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ይርድኡን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዕዳጋ ኣባይቲ ሆላንድ ንነዊሕ እዋን ከም ዝዓብዩን ምጥንኻር ከም ዝደልዩን ይፈልጡ እዮም።
*ፖሊሲ ምግዓዝ*
ሓደ ሓታቲ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድ ምስ ረኸበ ገዛ ክረክብ መሰል ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ ገዛ ምርካብ ኣብ ነዘርላንድ ሓድሽ ህይወት ምህናጽ ምጅማር እዩ። መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ካብ ፈላማይ ገዝኦም ጀሚሮም ትምህርትን ስራሕን ይደልዩን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ይሳተፉን። ስለዚ ቅልጡፍን ምሹእን ኣባይቲ ኣብ ነዘርላንድ ንጽቡቕ ጅማሮ ኣገዳሲ እዩ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዕዳጋ ኣባይቲ ግን ናይ ግድን ከምኡ እዩ ማለት ኣይኮነን። መብዛሕትኦም መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ኣብ ክራይ ኣባይቲ (96%) እዮም ዝነብሩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ብመንገዲ ማሕበር ኣባይቲ (ማሕበራዊ ኣባይቲ)። እዚ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ሕብረተሰብ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ካብቲ ዝርከብ ማሕበራዊ ኣባይቲ ኣዝዩ ዓቢ ክፋል ሒዞም ዝብል ሓሳብ ይፈጥር፣ እንተኾነ ግን ኣብ ቀረባ እዋን ብስታቲስቲክስ ነዘርላንድ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ ኣብ 2021 ካብ ኩሎም ዝተገደፉ ኣባይቲ ማሕበር 6% ጥራይ ናብ ወነንቲ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ስድራቤታት ከም ዝተዋህቡ ይሕብር ሲቢኤስ። ንማሕበራዊ ኣባይቲ ዝጽበዩሉ ግዜታት ይውስኽ ኣሎ፡ እንተላይ ንናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት፡ ከም ውጽኢቱ ድማ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ብዝሒ መዕቆቢ ቦታታት ኣብ ማከል ሓተቲ ዑቕባ ብመንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ተታሒዙ።

ማከላይ ወኪል ምእንጋድ ሓተቲ ዑቅባ (COA) ምቑራን ምስ ዘባን ምምሕዳርን ይገበር ድሕሪዚ እቲ ምምሕዳር ሓላፍነት ይስከም (ምሹእ) መንበሪ ኣባይቲ ክእንግደኩም። ብዝተኻእለ መጠን ድሕረ ባይታ ባህርያት ናይቲ ወናኒ ፍቓድ ናብ ማእከል ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ዝሰጋገረሉ እዋንን ብድሕሪኡ ምስ ምምሕዳር ኣብ ዝቋረነሉ እዋን ኣብ ግምት ይኣቱ። ክሳብ 2016 እቲ 'ተሪር ናይ ምግዓዝ መዐቀኒታት ጥራይ እዩ ኣብ ግምት ዝኣቱ ነይሩ፡ ስራሕ ምህላው ወይ ትምህርቲ ምኽትታል፣ ህላወ ቀዳማይ ደረጃ ስድራቤት፡ ወይ ሕክምናዊ ሓበሬታ። ካብ 2016 ጀሚሩ ማከላይ ወኪል ምእንጋድ ሓተቲ ዑቅባ (COA) ምስቲ 'ተስፋ ዝህብ ምትእስሳር' ኣገዳሲ ተራ ዝጻወት ‘መመመዩን መላፍንቲን' (Screening and matching) ዝብል ፖሊሲ ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ተሪር መዐቀኒታት ጥራይ ዘይኮኑስ፣ እቶም ‘ልስሉሳት መዐቀኒታት’ ዝበሃሉ ከም ዝተረኽበ ትምህርቲ/መጽናዕቲ፣ዝተረኽበ ዲፕሎማታት፣ ታሪኽ ስራሕ፣ መጻኢ ዕላማታት ብመንጽር ስራሕን ስልጠናን ከምኡ’ውን ዝኾነ ስልጠናን ስርዓተ መርበብ ኣብ ሆላንድ ብዝበል ተማሓይሹይ። በዚ መሰረት እዚ ማከላይ ወኪል ምእንጋድ ሓተቲ ዑቅባ ኣብ ሓደ ካብቶም ሕጂ ዘለዉ 35 ዘባታት ዕዳጋ ስራሕ ንምምዳብ ምኽሪ ይሕንጽጽ፣ እዚ ድማ ነቲ ብዝሒ ፍቓድ ዘለዎም ሓደ ምምሕዳር ከ እንግድ ከም ዘለዎን ዕዳጋ ኣባይትን እውን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። እቲ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ዝበለጸ ኣበይ ክምደብ ከም ዝኽእል ምስ ተወሰነ፣ ነቲ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ኣብ ጥቓ እቲ ክቐርብ ዝተሓሰበ ምምሕዳር ኣብ ዝርከብ ማከል ሓተቲ ዑቕባ (AZC) ምቕማጥ ይከኣል ድዩ ኣይከኣልን ይምርመር። እዚ ድማ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ኣብ ሕብረተሰብ ነዘርላንድ ቅልጡፍ ተሳትፎ ክገብር ስለ ዝኽእል። ብተግባር ኣብ ዕዳጋ ኣባይቲ ዘሎ ጽቕጥቕጥን ዕላማ ምዝርጋሕ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ኣብ መላእ ነዘርላንድ እውን ኣብ ምትእስሳር ምስ ሓደ ምምሕዳር ምምቕራሕን ዓቢ ተራ ስለዘለዎም። ኩሉ ምርጫታትን መዐቀኒታትን ኣብ ግምት ምእታው ኣይከኣልን እዩ። ገዛ ብፍላይ ምስቲ ሕጂ ዘሎ ልዑል ዋሕዝን ገና ገዛ ዝጽበዩ ዘለዉ ዓቢ ጉጅለ ወነንቲ መንበሪ ፍቓድ እንታይ ተደላዪን ዝከኣልን ኣዝዩ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

## *ቅድን ኣገባባን*

ድሮ ገለ ዉሑድ ርዲት ዝተረኽቦ ኣብ ኣሰራርሓ ኣተገባብራ ናይ ኣባይቲ ፖሊሲን ሳዕቤናት ናይ እቲ ፖሊሲ ኣብ ምስታፍ ስራሕ፣ ብዙሕ ዝፍለጥ የለን እቶም መንበሪ ፍቃድ ዘለዎም ንሳቶም ንባዕሎም ነቲ ኣገባብ ከምይ ከም ዝግንዘብዎ፣ ተሞክሮኦም ከምይ ከምዝነበረ ብዛዕባ መስርሕ ምቑራንን ከምኡዉን ገዛ ምርካብን ናቶም ትጽቢት ከምይ ከምዝነበረ ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ ኣብ ምምስራት ሂወት ኣብ ነዘርላንድ። እዚ መጽናዕቲ እዚ ኣብዚ ዕሙቕ ኣስተብህሎ ከበርክት ኢዩ፣ብመሰረት እቲ ብፍላይ ክርእይ’ዩ ን ሰባት መበቖሎም ሶርያዉያንን ኤረትራውያን ዝኾኑ ኣብ መንጎ 2014 ን 2017 ናብ ነዘርላንድ ክነብሩ ዝመጹ። እዚ ጉጅለ’ዚ ምስቲ ናይ ሎንግቲኡዲናል መጽናዕቲ ከዉሆርት ስታትስሃዉደርስ (LOCS) ፖሮጀክት ተመሳሳላይ ስለዝኾነን ክፋል ናይ እቲ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ መጽናዕቲ እዩ።

እቲ መጽናዕቲ ብዝሓታዊን ዓይነታዊን ዳታ ዘወሃሃደ እዩ። ብቀዳምነት እዚ መጽናዕቲ ኣብ ኣርባዕተ ኣድህቦ ዝተገብረሎም ጉጅለ ተጌሩ ከምኡዉን ዓሰርተ ዉልቓዊ ቓለመጠይቕ ምስ ማዓልቦ ጉጅለ። ኣብዚ ዓይነትዊ ክፋል ናይቲ መጽናዕቲ ብድምር 42 መለሽቲ ተሳቲፎም። ኣብቲ ኣድህቦን ቓለመጠይቕን ተሞኩሮታት ናይ ኣባይቲ መስርሕ ተገሊጽ ኣሎ ከምእዉን ንመለሽቲ ኣገደስቲ ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ተዘሪቡሎም ንምምስራት ሂወቶም ኣብ ነዘርላንድን ኣብ ከባቢኻ ክህልው ትደልዮምን።

ድልየት ናይዚ መርመራ ዓሚቁ ምስትዉዓል ምብርካት ብፍላይ ኣድህቦ ዝተገበረሎም ሰባት መቦቖሎም ሶርያውያንን ኤሪትራዉያንን ኣብ መንጎ 2014 ን 2017 ናብ ነዘርላንድ ክነብሩ ዝመጹ እዩ። እዚ ማዓልቦ ጉጅለ ማለት ምስ ማዓልቦ ጉጅለ ላንጀቱዲናል ፣መጽናዕቲ ኮሆር ፕሮጀክት ይመሳሰል፣ እዚ ሕጂ ዘሎ መጺናዕቲ ሓደ ክፋል ንይዚ እዩ። እቲ ብዝሓታዊ ትንተና ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ዝተጠቀምሉ እቲ ሰፊሕ ገምጋማዊ መጽናዕቲ ‘ሓደስቲ ሕጋዊ ዝኾኑ ኣብ ነዘርላንድ’ (NSN) ናይ ፕሮጀክት LOCS እዩ። ኣብቲ ቅድሚ ቅሩብ እዋን ዝተገብረ ገምጋም (NSN2022) ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብዛዕባ መነባብሮን ኣባይትን ሰፊሩ ኣል፣ በዚ ከኣ ንኻልእ ነገራት ሓዊሱ ዕግበት ገዛን ከባብን ዝምልከት ርድኢት ዝሃበ እዩ። እዚ ዳታ ኣብዚ ጸብጻብ (ብሳንዱቕ) ቀሪቡ ኣሎ ንጉጅለ ሶርያ ጥራይ ዝምልከት እዩ።

## *ኣብ ምህናጽ ሓድሽ ህይወት ኣብ መነባብሮ ሃዋህው ኣገደስቲ ዝኾኑ ረቛሒታት*

እቶም ትኹረት ዝገበሩ ጉጅለታትን ቃለ መሕትታትን ከም ዘመልክትዎ፡ ህላወ ስራሕ፡ ስድራቤት፡ (ቋንቋ) ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ሆላንድ ህይወት ንምህናጽ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ይረአ። ካልኦት ማሕበራዊ መሳለጥያታት ግን፡ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣብ ዓውዲ ውህደትን ተሳትፎን፣ ከምኡ’ውን ኣቀማምጣ ናይቲ (ናይ መወዳእታ) ማእከል ሓተቲ ዑቕባ’ውን ተራ ከም ዝነበሮም መልሲ ዝሃቡ ሰባት ይገልጹ። ኣብ ነዘርላንድ ኣብ መንጎ ሶርያውያን ዝተገብረ ብዝሒ ትንታነታት እውን ከምዘመልክቶ፣ ሰባት ኣብ ጥቓ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ትካል ትምህርትን ስድራቤትን ክነብሩ ከለዉ፣ በቲ ዝነብሩሉ ከባቢ ዝያዳ ከም ዝዓግቡ ይሕብር።

## *ስራሕ*

ካብ 2016 ጀሚሩ ኣብ ዘባዊ ዕዳጋ ስራሕ ዕድላት ደረጃ ዘለዎም ሰባት ሕጋዊ ዝለበሱ ሰባት ኣብ ምግዓዝ ብፍሉይ ኣብ ግምት ይኣቱ። እቶም መለሽቲ ሰባት ባዕሎም እውን ዕድላት ስራሕ ኣብ ዘለዎ ቦታ ምንባር ኣገዳሲ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ይሕብሩ። ብዙሓት መልሲ ዝሃቡ ሰባት ኣብታ ከተማ ዝያዳ ዕድላት ስራሕ ከምዘሎ እኳ እንተሓሰቡ፡ ስራሕ ምህላው ምስ ደረጃ ከተማነት ናይቲ መነባብሮ ከባቢ ዝተኣሳሰር ከምዘይኮነ ብዝሒ መረዳእታታት ይሕብሩ። ተረካብነት ብርግጽ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ሰባት ኣብ መንጎ ገዛን ስራሕን ምጉዓዝ ቀሊል እንተኾይኑ እዚ ከም ኣወንታዊ እዩ ዝረአ። ህላወ ጽቡቕ ህዝባዊ መጓዓዝያ ወሳኒ እዩ።

## *ትምህርቲ*

ቕርበት ምሹእ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ዝቑጸር። እዚ ንቕርበት ልዑል ጽሬት ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ ቋንቋን ተወሳኺ ትምህርትን ዝምልከት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ንህጻናት ዝኸውን ቅርበት (ካልኣይ ደረጃ) ኣብያተ ትምህርቲ እውን ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። ገለ መልሲ ዝሃቡ ሰባት፡ ብዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ እውን ዝህብ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ንምርካብ ርሑቕ ክጓዓዙ ከምዘለዎም ኣመልኪቶም። ሓድሓደ ግዜ ኣብ ጥቓኡ ተወሳኺ ስልጠናታት ኣይርከብን ነይሩ። በዚ ምኽንያት ድማ ሓያሎ ሰባት ተወሳኺ ትምህርቲ ንምስዓብ ዝነበሮም ህርፋን ገዲፎም ኣለዉ።

## *ስድራ*

ድሮ ኣብ ነዘርላንድ ስድራቤት ዘለዎም መልሲ ዝሃቡ ሰባት ብሓፈሻ ኣብ ጥቓ እዛ ስድራ ክነብሩ ድሌቶም ይገልጹ። ዋላ’ኳ ኣብ ዝግዕዝሉ እዋን ህላወ ቀዳማይ ደረጃ ስድራቤት ኣብ ግምት ዝኣቱ

እንተኾነ፣ እዚ ግን ንህላወ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት ከም ኣሕዋትን ኣሓትን ወይ ኣኮታትን ሓወቦታትን ኣቦታትን ሓትኖታትን ዝምልከት ኣይኮነን፣ ዋላ'ኳ እዚ ብገለ መለሽቲ ሰባት ከም ተደላዪ ይቑጸር። ቅርበት ስድራቤት ግብራዊ ባእታ (ሓገዝ) ከምኡ'ውን ስምዒታዊ ባእታ (ስምዒት ገዛ) ኣለዎ።

*ህዝባዊ መጉዓዚ*

ህላወ ህዝባዊ መጓዓዝያ ከም ኣድላይ እዩ ዝረአ። ኣብ ዝተወሰኑ ዞባታት ህዝባዊ መጓዓዝያ ዘይምህላዉ ምሹእ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ንምርካብ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ዋላ ህዝባዊ መጓዓዝያ እንተሃለወ ዋጋ ወይ ትሑት ድግግም ጉዕዞ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ብሕቲ መኪና ኣይክትህሉን እያ፡ ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት፡ እዚ ማለት ድማ ሰባት ንብዙሕ ነገራት ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ይምርኮሱ።

*ማሕበራዊ ርክባት*

ብዙሓት መለሽቲ ሰባት ኣብ ከባቢኦም ማሕበራዊ ርክባት ክትሃንጽ ምኽኣል ኣገዳሲ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ይሕብሩ። ንኣብነት ኣብ ዝተፈላለያ ንኣሽቱ ከተማታትን ዓድታትን ዝነብሩ መለሽቲ ምስ ባህርያት ጎረባብትን ደቂ ገዛዉትን ኣወንታዉን ኣሉታውን ተመኩሮታት ኣጋጢምዎም እዩ። ገለ ሰባት ምስ ጎረባብቶም ጽቡቕ ርክብ ክህልዎምን ከም ስድራቤት ዝቐጽርዎምን ክኾኑ ከለዉ፣ ገለ ድማ ውሑድ ርክብ ስለዘለዎም ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት ድማ ኣድልዎ ወይ ዘይተቐባልነት ይስምዖም። ኣብ ከተማዊ ሃዋህው እውን ዝተሓዋወሰ ምልክታት ክርከብ ይከኣል እዩ። ገለ መለሽቲ ብሰንኪ ርኡይነት ካልኦት ስደተኛታት ኣብታ ከተማ ዝያዳ ኣብ ገዛኦም ከም ዝስምዖም ክሕብሩ እንከለዉ፡ ገለ መለሽቲ ግን ኣብ ብዙሓት ድሕረ ባይታ ስደት ዘለዎም ሰባት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ምቕማጦም ከም ዘሕርቐ ይሕብሩ። ብኻልእ ወገን ድማ ደቂ ሃገር ንገለ መለሽቲ ኣብ ነዘርላንድ ምስ በጽሑ ኣብቲ ናይ መጀመርታ እዋን ሓገዝ ብምሃብ፣ ወይ ድማ ኣብ ነዘርላንድ ናይ ዘይምግያሽ ስምዒት ብምሃብ ኣገደስቲ ኮይኖም እዮም።

*ካሎት መሰለጥያ*

መለሽቲ ኣብ ዝያዳ ከተማዊ ኣከባቢ መንበሪ ዝረኸቡ ከምቲ ኣብ ሃገሮም ዝረኸብዎ ዓይነት ቀመማ ቕመማት ክሸምቱ ምኻሎም ጽቡቕ ከምዝረኸብዎ ይሕብሩ።።። ኣብ ዘይከተማዊ ከባቢታት ሓደ ሓፈሻዊ ሱፐርማርኬት መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዩ ርሒቑ ይርከብ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ንኣብነት ካብታ መበቆል ሃገር ዝመጽእ ፍርያት ዝሸጣ ድኳናት የለዋን።

*ምምሕዳራዊ ፖሊሲታት ዉህደትን ተሳትፎን*

ኣብ ትኹረት ጉጅለ ናይ ምምሕዳር ፖሊሲ ኣብ ምዉህሃድን ተሳትፎን ዝተፈላለየ ከምዝኾነ፣ እዚ ድማ ኣብ ዕድላት ሕጋዊ ዝለበሱ ዝያዳ ንኽምዕብሉ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ከምዝኽእልን ተዘረቡሎም። እዚ ኣብ መንጎ ምምሕዳራት ጥራይ ዘይኮነስ ብደረጃ ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ ምምሕዳራት እውን ይምልከት። ንዓዓቶም ከምዝመስሎም እቲ ሓደ ሰራሕተኛ ሓደሰብ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ስራሕ ምርካብ ምሕጋዝ ከምዘተኩር፣ ካሎኦት እንታይ የድሊ ብደረጃኻ ስራሕ ምስራሕ፣ እዞም ዳሕረዎት ናይ ትምህርቲ ስልጠና ምሃብ ኣቀዲሞም ኣወንታዊ ዉሳንየ ከምዝወስዱ።

## *ቦታ ናይ (መወዳታ) AZC*

ብሓፈሻ ሰባት ኣብ ሓደ መዓስከር ኣብ ከባቢ እቲ ሕጋዊ ዝለበሰ ሰብ ዝተቖረነሉ ምምሕዳር ምዉዛዕ ፈተነ ይግበር። በዚ ዘሎ እዋናዊ ዘይማዕርነታዊ ዝርግሔ መዓስከራት እዚ ኣብ ነዘርላንድ ክሰልጥ ኣይተኻእለን። ተሞክሮ ናይ ሕጋዊ ዝለበሱ ሰባት ዝተፈላለየ ኢዩ። ገሊኦም መዝሓበርዎ እቲ ክንብርሉ ዝኸዱ ቦታ ጽቡቕ ከምዝረኽብዎን ኣቐዲሞም ከዝፈለጥዎን። ገለ መልሲ ዝሃቡ ሰባት እውን ድሮ ኣብቲ ክነብሩሉ ዝኽእሉ ምምሕዳር ማሕበራዊ ርክባት ሃኒጾም እዮም። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ግን AZC ካብቲ ምምሕዳር ኣዝዩ ርሒቑ ዝኾነ ነገር ክሃንጽ ኣይከኣለን። ብተወሳኺ፡ AZC ኣበይ ከምዘሎ ኣገዳሲ እዩ: ኣብቲ ከባቢ ውሑዳት መሰለጥያታት ኣብ ዘለዉሉን ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣማራጺታት ድሩት ኣብ ዝኾነሉን እዋን፡ ብመሰረት መለሽቲ ኣብ ጥቓ AZC ምንባር ንህይወት ንምህናጽ ውሑድ ምሹእነት ኣለዎ።

## *ውልቃዊ መለለይ ጠባይን ኣነባብራን*

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መለለይ መነባብሮ ከባቢ፤ ውልቃዊ ባህርያት'ውን ኣብ መነባብሮ ሰባት ኣብ መነባብሮኦም ንዝርከቡ ዝተወሰኑ ነገራት ዝህብዎ ኣገዳስነትን'ውን ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ። ውልቃዊ መለለይታት ዕድመ፣ ደረጃ ትምህርቲ ወይ ህላወ ህጻናት ኣብ ገዛ የጠቓልል። ንኣብነት ኣብ ከተማ ንዝህሉ ናይ ስልጠና ወይ ናይ ስራሕ ዕድላት ንምጥቃም ኣብ ከተማ ክነብሩ ዝፈትዉ መንእሰያት ዝመለሹ ኣለዉ፣ ቆልዑ ዘለዎም ዝመለሹ ድማ ኣብ ቀረባኦም ንደቆም ዝኸውን ቤት ትምህርቲ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። ብዘይካዚ፤ ፍጻመታት ኣብ ህይወት ከም ውላድ ምውላድ ዝኣመሰለ ሰባት ኣብ ሃዋህው መነባብሮኦም ንዘለዉ ኣገደስቲ ነገራት ብኻልእ መገዲ ኺርእይዎ ወይ ቀዳምነት ኪህብዎ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ብቐረባ ኣብ ጥቓ ስድራኻ ምንባር ዝያዳ ኣገዳሲ ይኸውን።

ዝተፈላለዩ መለሽቲ ምስቲ ዝነብሩሉ ቦታ ስለዝተኣሳሰሩን ኣብ ውሽጡ ማሕበራዊ መርበብ ስለዝሃነጹን፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ መነባብሮኦም ከመይ ጌሮም ኣብ ገዝኦም ከይኖም ከምዝስምዖም ክገልጹ ክኢሎም። እዚ ድማ ነቲ ኣብ ገዝኻ ኮይንካ ዝስምዓካ ስሚዒታዊ ሸነኽ ዘመልክት እዩ። ስለዚ ኣብ ሆላንድ ህይወት ምህናጽ ኣብ ሕብረተሰብ ሆላንድ ቦታ ናይ ምርካብ መስርሕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብመንጽር ትምህርቲ ምርካብን ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ምስታፍን፡ ስሚዒታውን ስምዒታውን መስርሕ እዩ።
ኣብዚ መጽዕቲ ዝሕተትናዮም ሰባት ድሮ ኣብ ነዘርላንድ ን ነዊሕ እ ዋን ዝነብሩ እዮም። እዚ ንውሓት ዘለዎ ክፋል ዘመልክቶ ብቀሊሉ ምሕላፍ ጊዜን እቲ መስርሕ ናይ "ኣብ ሓደ ቦታ ምቕማጥ' መለሽቲ ከምይ ትርጉም ከምዝሃብዎ ንዓቶም ኣገዳሲ ጉዳያት ኣብ መንበሪ ገዛዉቲ ግደ ተጻዊቱ። ኣብ መወዳእታ ዝተፈላለዩ መለሽቲ ገሊጾም ከምይ ገሮም ክቕስኑ ኪሎም ኣብ ዝነብርሉ ገዛዉቲ ስለ መንበሪ ገዛዉቶም ዝተለማመድዎን ኣብ ከበቢዎም ምሕዝነት ሰለ ዝሃነጹን። እዚ ዝሕበር እቲ ስብ ዕታዊ ሸነኽ ናይ ቅሳነት እዩ። ምምስራት ሂወት ኣብ ነዘርላንድ መስርሕ ናይ ቦታ ምርካብ ኣብ ሕብረተሰብ ነዘርላንድ ጥራህ ዘይኮነስ፣ ብመንጽር ትምህርቲ ምርካብን ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ምስታፍን፡ ስሚዒታውን ፍትወትን መስርሕ እዩ።

## *ተሞክሮ ብ ምግዓዝ ፖሊሲ*

ኣሳዓኢቦም መለሽቲ ዝሃብዎ ብሓፈሽኡ ጸገም ከምዝነበሮም ጽልዋ ዘይምግባሮም ብዛዕባ ኣብ ነዘርላንድ ኣበይ ቦታ ከምዝቕመጡ። እቲ ዉጽኢት ናይ ምቐራን ብዙሓት ተሳተፍቲ ከምዝበልዎ

ምስቲ ዝተገብረ ዝርርብ ዝሳነ ኣይነበረን። ዕላል ብምጅማርን ምርጫታት ብምዝታይን ጥራይ ሰባት ክስማዕ እየ ዝብል ተስፋ ዝረኽቡ ይመስል፡ ብተግባር ድማ ኣብ ምቑራን ምስ ምምሕዳርን ምምቕራሕ ገዛን ካልኦት ብዙሓት ረቛሒታት ይሳተፉ።

ሰባት ብመትከል ገዛ ይረኽቡ ብምህላዎም ሕጉሳት እኳ እንተኾኑ፣ ሓያሎ ሰባት ግን እቲ ዝረኸብዎ ገዛ ንስድራቤቶም ኣዝዩ ንእሽቶ ምንባሩ፣ ካብ ስድራቤት ዝረሓቐ ምንባሩ፤ ኣብ ዓውዲ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ምስ ዝነበሮም ህርፋን ከምዘይተመጣጠነ፣ ወይ ኣብ ዝመርጽዎ ዘባ ተዶኪኑ ኣይርከብን። ብፍላይ ኣብቲ ኤርትራዊ ጉጅለ፣ ንበይኑ መደቀሲ ክፍሊ ዘይብሎም ወይ ድማ ብጩቡጥ ንህጻናት ዘይምሹእ መንበሪ ኮምፕሌክስ ዝነብሩ ቆልዑ ዘለዎም (ንጽል) ወለዲ ኣብነታት ነይሮም። እዚ ድማ ነዞም መለሽቲ ብዙሕ ጸቕጢ ፈጢሩሎም።

እቲ ብዙሕነታዊ ትንተናታት ከምዝሕብሮ ብዙሓት ሶርያውያን በቲ ዝነብሩሉ ገዛን ከባቢን ዕጉባት ከምዝኾኑ ይሕብሩ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ሓደ ካብ ካብ ሽዱሽተ ዝመለሹ መበቆል ሶርያውያን ኣብ ኣባይቶም ጸቕጢ ከምዘጋጥሞምን ኣእምሮኣዊ ጥዕናኦም ምስ ዕግበት ገዝኦምን ከባቢኦምን ርኡይ ምትእስሳር ከምዘለዎን ይሕብሩ።

ካልእ መለሽቲ ዘልዓልዎ ኣገዳሲ ስክፍታ፣ ኣብ መንጎ ምርካብ መንበሪ ገዛን መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ዘሎ ርክብ እዩ። ሓያሎ መለሽቲ፡ ነቶም ገና ብጥርናፈ ስድራቤት ዝመጹ ዘለዉ ኣባላት ስድራቤት ንምትእንጋድ ኣዝዩ ንእሽቶ ገዛ ተመዲቡሎም። መለሽቲ (ተመኲሮ ዘለዎም) መብጽዓታት ዝዓበየ ገዛ ኣብ ዝመጽ እ ጊዜ ከም ዘይተፈጸመን ሰባት ኣብቲ ንሓድሽ ኲነታት ስድራቤት ኣዝዩ ንእሽቶ ዝኾነ ገዛ ንነዊሕ እዋን ከም ዝነብሩን ኣመልኪቶም።

ዝተኣንገደካ መንበሪ ገዛ ምንጻግ ዳርጋ ዘይከኣል ኢዩ፣ ኣብ ዝነጸግካሉ እዋን ብመትከል ናይ ምዑቓብ መሰል የብልካን። ዝተፈላለዩ መለሽቲ ከምዝበልዎ ጸቕቲ ከምዝተገብሮም ንሓደ ዘይደልይዎ መንበሪ ክቕበሉ እዩ። ምስጋር ናብ ካልእ መንበሪ ገዛ ድሕሪ መንበሪ ገዛ ምርካብ ናይ ነባሪ ሓላፍነት ኢዩ፣ በዚ ዘሎ ናይ ኣባይቲ ሕጽረት ቀሊል ኣይኮነን፣ ሓደ ሓደ እዋን ፈጺሙ ዘይከኣል እዩ ብምኽንያት ሕጽረት ናይ ሓገዝ ምንጪ። ዋላ እኳ ብዝሓታዊ ትንተናታት ናይ እዚ መጽናዕቲ እንተሓበረ እቲ ዝሰፍሐ ክፋል ካብ ሶርያዉያን ድልየት ከምዘለዎም ንኽቅይሩ፣ ዝቐየሩ ቑጽሪ ሶርያውያንን ኤረትራዉያን ኣብ ነዘርላንድ ኣብ ዝሓለፍ ዓመታት ብተዛማዲ ትሑት እዩ።

ማዕረ ማዕሪኡ መለሽቲ ብዛዕባ ኲነታት ልዑል ዋሕዚ ስደተኛታት ሕጽረት ኣባይትን (ካልኦት) ነዘርላንዳዉያን ሰባት ገዛ ኣብ ምርካብ ዘለዎም ጸገምን ይፈልጡ እዮም። ውልቃዊ ኲነታትን ኣብ ግምት ምእታው ኩሉ ግዜ ከምዘይከኣል ምርዳእ የርእዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ኣገባብ ግሉጽ ኮይኑ ከምዘይረኸብዎ እውን የመልክቱ። ብሓፈሻ ዝመለሹ ኣብ መስርሕ ምቑራን ምስ ሓደ ምምሕዳርን ምምቕራሕ ኣባይትን ዝረኸብዎ ሓበሬታ ይነቕፉ። ብዛዕባ መስርሕ መንበሪ ኣባይቲ (ኩሉ ግዜ ቅኑዕ ዘይኮነ) ሓበሬታ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባት ሶርያን ኤርትራን ይዘውር ከምዘሎ ዝሕብሩ ተወሳኺ ምልክታት ኣሎ፣ ብተወሳኺ ድማ፣ ገዛ ምርካብ ተመኲሮታት ይካፈሉን የነጻጽሩን፣ እዚ ድማ ኩሉ ሰብ ብማዕረ ከምዘይሕገዝ ናብ ዝብል ኣረኣእያ ክመርሕ ይኽእል።

## *ኣብ መደምደምታ*

ምኽንያቱ ኣብ ዕዳጋ ኣባይቲ ብዘሎ ዓቢ ሕጽረት ምግዓዝ ብተግባር ዝተሓላለኸ ስለዝኾነ፡ ደረጃ ዘለዎም ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝምሽኦም ቦታ ምቕማጥ ዝያዳ ኣገዳሲ እዩ። ዕላማ ፖሊሲ ሰፊሕ ዕድል ዘለዎም ተቋረንቲ ነዚ ንምዕዋት ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ተሳትፎ ዕዳጋ ስራሕ ትኹረት ብምግባር እዩ። ካብዚ መጽናዕቲ ብምብጋስ ሕጋዊ ልባስ ዘለዎም ባዕሎም ስራሕ ክህልዎምን ዕድላት ስራሕ ኣብ ቀረባ ኣብ ዘለዎ ቦታ ክነብሩን እውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ክግለጽ ይከኣል። ማዕረ ማዕሪኡ እዚ መጽናዕቲ'ዚ ካልኦት ሓያሎ ጉዳያት ብዓይኒ ካብ ሶርያን ኤርትራን ዝመጹ ሰባት ኣገደስቲ ምዃኖምን ኣገዳስነቶም ከከም ድሕረ ባይታ ባህርያት ከም ዕድመን ኣቃውማ ስድራቤትን ከም ዝፈላለ ይሕብር።

ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ መለሽቲ ኣበይ ቦታ ከምዝነብሩን እንታይ ዓይነት ኣባይቲ ደስ ምስበሎም ባዕሎም እንተስዉስኑ ምስ ኩነታቶም ዝሳነ። ምስ ሲኦኤ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ምርጫታቶም ከመልክቱ እኳ እንተኸኣሉ፡ መብዛሕትኡ ግዜ መልሲ ዝሃቡ ሰባት እዚ ኣብ ግምት ከምዘይኣተወ ይስምዖም ነይሩ። ናይግድን እዩ፣ ብምክንያት ኣብ ዕዳጋ ኣባይቲ ዘሎ ሕጽረት (መጽናዕቲ ካብ ምጅማሩ ስፍሓት ኣብዚ መጽናዕቲ እንዳ ዓበየ ከይዱ) ኩሉ ድሌታት ክማላእ ኣይክእልን እዩ፣ እንተኾነ ግን እዚ መጽናዕቲ ኣባይቲ፣ ኣብ ኩሉ ዓይነት ዓቢ ጽልዋ ከም ዘለዎ ስለ ዘርኢ ምስ ምህናጽ ህይወት ኣብ ነዘርላንድ ዝተኣሳሰር መስርሓት፣ ናይቶም ሕጋዊ ዝለበሱ ባዕሎም ዝያዳ ኣብ ግምት ምእታው ጽቡቕ ምኾነ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ብዛዕባ ዝከኣል ናይ ሓሶት ትጽቢታት ከይፍጠር ኣገዳሲ እዩ። ዝያዳ ግሉጽ ዝኾነ መስርሕ ምምቕራሕ እውን ነዚ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ፤ መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ስለምንታይ ገለ ሰባት ኣብቲ ዝመርጽዎ ቦታ ከም ዝቕመጡን ገለ ድማ ዘይቕመጡን ኣይርድኦምን እዩ። ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ጉጅለ ንኣብነት፡ ሶርያውያን ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ተደላዪ ቦታታት እዮም ዝውዝዑ ዝብል ግምት ኣሎ። ውልቀሰባት ብዝያዳ ኣብ ግምት ብምእታው ዝሓሸ ሓበሬታ፣ ግሉጽ መስርሕን ምሕደራ ትጽቢትን ዝሓሸ መስርሕን ኣብ መንጎ ወነንቲ ሕጋዊ ዝለበሱ ዝወሓደ ዘይዕግበትን ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ እቲ ክውንነት ንግዚኡ ኣብ መንጎ እቲ ሕጽረት ዕዳጋ ኣባይትን (ብዝሒ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ምምሕዳር ክዉዝዖም ዘለዎ) በቲ ሓደ መገዲን ቕርጥዉ ስራሕ በቲ ካልእ ምስ ድልየታትን ዉልቓዊ ኩነታት ናይቲ ሕጋዊ ዝለበሰ ዝሳነን።

ዝተፈልየ ኣማራጺ፣ ሕጋዊ ዝለበሱ ባዕሎም ገዛ ክረኽቡ ምፍቃድ፣ ንሓደጋ ግህሰት ብኣካረይቲ ገዛ ይውስኽ። ኣብ ቤልጅየም ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ ሕጋዊ ዝለበሱ ፍቓድ ምስተዋህቦም እንተበዝሐ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ መ ቕቢ ዑቕባ ክጸንሑ ይፍቀደሎም፣ ድሕሪኡ ባዕሎም ኣብ ጽዑቕ ዕዳጋ ኣባይቲ ገዛ ክደልዩ ዝግደዱላ፡ ንምርካብ ዓቢ ጸገም ከም ዘለዎም ናይ ገጽ ምግላልን ስሕተት ኣሰራርሓን የጋጥሞም ይሕበር። ይኹን እምበር ሰባት ባዕሎም ገዛ ክደልዩ ኣብ ምፍቃድ ወፍሪ ክግበር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ብኣካረይቲ ገዛ ዝፍጸም ግህሰት ብጥብቂ ምክትታል ክግበር ይከኣል እዩ።

እንተ እቲ ቦታ (ናይ መወዳእታ) ማእከል ሓተቲ ዑቕባ ናብቲ ናይ መወዳእታ መንበሪኦም ዝቐረበ ኾይኑ፡ እዚ ኣብ ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ኣብቲ ምምሕዳር ጽቡቕ ጌሮም ንኽሰፍሩ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ፣ ብሰንኪ ድሮ ምስቲ መነባብሮ ሃዋህውን/ ወይ ድማ ብሰንኪ ድሮ ዝተዋህለለ ማሕበራዊ ርክባት። እቲ ዕላማ ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ምትእስሳር ዘለዎ ዞባን ኣብ ከባቢ እቲ ሓደ ሰብ ኣብ መወዳእታ ዝነብረሉ ምምሕዳር ምቕባል ዝብል ዕላማ ድሕሪ ምትእትታው ሕጊ ምክፍፋል ዝያዳ ልሙድ

ክኸውን እዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ሕጊ ዝያዳ ሚዛናዊ ምክፍፋል ናይቲ መቐበሊ ሓተቲ ዑቕባ ኣብ መላእ ሆላንድ ዝርከቡ ሓተትቲ ዑቕባ ስለዘረጋግጽ።

እዚ መጽናዕቲ ናይነት ህይወት ገዛን መነባብሮን ኣገደስቲ ምኳኖም ብንጽር ይሕብር። መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ህይወት ሰባት ኣገዳሲ መሰረትን ምንጪ ምርግጋእን ዝፈጥር ኮይኑ ምስ ፍጻመታት መስርሕ ህይወትን ምስ ካልእ ዓውድታትን ከም ስራሕን ኣታዊን፣ ማሕበራዊ ርክባትን ጥዕናን ዝተኣሳሰር እዩ። ኩነታት ኣባይቲ ስሩዕ እንተዘይኮይኑ እዚ ኣብ (ኣብ ብንጽግና ናይ) ሰባት ዓቢ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ዙርያ ኣባይቲ ዝረኣዩ ጸገማት ኣብ ብንጽግናን ተሳትፎን ሰባት ኣብ ሕብረተሰብ ነዘርላንድ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መንግስቲ ሆላንድ ዘለዎም እምነት እውን ሳዕቤን ኣለዎ። እዚ ንኻልኦት ጉጅለታት ህዝቢ ልክዕ ከምኡ ዝምልከት እኳ እንተኾነ፣ ሕጋዊ ዝለበሱ ብብዙሕ መዳይ ተመሳሳሊ ድሌታትን ምርጫታትን ከምኡ’ውን ኣብ ኣባይቲ ብዝምልከት ተመሳሳሊ ጸገማት እንተሃለዎም፣ እቲ ዓቢ ፍልልይ ግን ሕጋዊ ዝለበሱ ጌና ህይወቶም ምሉእ ብምሉእ ዳግማይ ክሃንጹ ከምዘለዎም እዩ፣ ኣብ ንዓኣቶም ሓድሽ ዝኾነ ሕብረተሰብ ብዝተፈላለዩ ስርዓታትን ክብርታትን ሕግታትን መንገዶም ክረኽቡ ኣለዎም።

ብሓፈሻ ሓደስቲ መጻእቲ ብዛዕባ ስርዓት ነዘርላንድን ዕዳጋ ኣባይትን ብውሑድ ኣፍልጦ ይጅምሩን ንዕኡ ንምጉዓዝ ዝወሓደ ክእለት ኣለዎም። ብተወሳኺ ማሕበራውን ፋይናንሳውን ጸጋታት እውን (ገና) ውሑድ ተበጻሕነት ኣለዎም። እዚ ድማ ኩነታቶምን ተሞክሮኦም ኣብ መነባብሮ ካብቲ ናይ ስደተኛ ድሕረ ባይታ ዘይብሎም ነዘርላንዳዉያን ዝተፈልየ ይገብሮ።

Het Wetenschappelijk Onderzoek- en Datacentrum (WODC), Kennisinstituut voor de rechtsstaat, is een onafhankelijk kennisinstituut dat valt onder het ministerie van Justitie en Veiligheid. Het WODC draagt bij aan behoud en verbetering van de rechtsstaat via het (laten) uitvoeren van kwalitatief hoog wetenschappelijk onderzoek. En door het aanbieden van gevraagde en ongevraagde kennis, verbeterpunten en (waar mogelijk) denkrichtingen.

Meer informatie:

www.wodc.nl